ተጣበቕቲ መሰላት ተማሃሮን ተልመዴናትን(Elev- og lærlingombudet)

ሓግዙኒ! ኣብ ክላስ ይድንድኑኒ ወይ ይድህሉኒ ኣለዉ፡ ቤት-ትምህርቲ ከኣ ዋላሓንቲ ይገብር የለን።

ሰላማት! ኣማኻሪየይ ሳሕቲ ጥራሕ እየ ዝረኽበ ዘለኹ፡ ተወሳኺ ርእይቶታት ክህበኒ ምደለኹ።

**ሕቶታት ምሕታትካ ግርም እዩ!**

ብኸመይ ክንሕግዘካ ከምንኽእል ንኽትፈልጥ
እዚ ጽሑፋዊ ሓበሬታ ኣንብቦ።
ኣብ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ
ከም ተማሃራይን ተልመዴንን ክትሕብርን ክትስማዕን
መሰልካ ከምዝኾነ ኣይትረስዕ።

መልእኽቲ



## ሕጊ ኖርወይ ኣብ ቤት-ትምህርትን መምሃሪ ትካላትን ውሕስነት ክስመዓካንን ጽቡቕ ክትህሉን መሰልካ እዩ ይብል። እዚ ንዓኻ እንታይ ማለት እዩ፧

- ንጥዕናኻ፡ምቾትካን ምህሮኻን ዘደንፍዕ
  ሃዋሁው ቤት-ትምህርትን
  ሃዋሁው ስራሕን ክህልወካ መሰልካ እዩ።
  እዚ ናትካ መሰል እዩ።

- ሃዋሁው ቤት-ትምህርቲ ወይ ሃዋሁው ስራሕ ኣብ መምሃሪ ትካል
  ጽቡቕ ንክኸውን እጃምካ ከተበርክት ግቡእኻ እዩ።

- መዓልታዊ ሂወትካ ብኸመይ ውሑስን ጽቡቕን ክኾነልካ ከምዝኽእል ርእይቶኻ ክትገልጽ
  መሰልካ እዩ።

- መታን ምሳኻ ዝኸይድ ክኾነልካ ዝተዋደደ ምህሮን ኣመሃህራን
  ክግበረልካ መሰልካ እዩ። ቤት-ትምህርትን እቲ መምሃሪ ትካልን
  እዮም ነዚ ሓላፍነት ዝስከሙሉ፡እንተኾነ ግና ዝኾነ ሽግራት
  ምስ ዝጎንፈካ ክትሕብር ኣለካ።

*ምንጪ: ሕጊ ምህሮ*

**ዘጠራጥረካ ነገር ኣሎ ድዩ?**
ምድንዳን/ምድሃል፡ጾታዊ ጸቕጢ፡ ጸርፍታት ወይ ኣሉታዊ ማሕበራዊ ምቁጽጻር
የጋጥመካ እንተደኣ ሃልዩ ኮይኑ ንዓና ተወከሰና። ጽምዋ እንተተሰሚዑካ ወይ
ብካልእ ምኽንያታት ኣብ ቤት-ትምህርቲ ወይ መምሃሪ ትካል
ጽቡቕ ምስ ዘይትህሉ ውን ተወከሰና ኢኻ። ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና፡
ከምኡ'ውን ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለና።

**ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ተወከሰና፡**
**ከምኡ ምግባር መብዛሕትኡ ግዜ ጠቓሚ እዩ!**



እዚ ጽሑፋዊ ሓበሬታ ብብዙሕ ቋንቋታት ክተንብቦ ትኽእል ኢኻ:

العربية
دری
English
Soomaali
Åarjelsaemien
Norsk
Українська

ወይ ድማ ኣብ
**elot.no** ዝያዳ ሓበሬታ ኣንብብ።

# ክትሕብርን ክትስማዕን መሰልካ እዩ!

ዝኾነ ጸገም ንኢሱ ወይ ዓብዩ ዝበሃሎ ኣይኮነን።
ተጣበቕቲ መሰላት ተማሃሮን ተልመዴንን ንኩሉ
ሕቶታት እዮም ዝምልሱ፡ ከምኡ'ውን ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣሎዎም።

## ገለ ካብቶም ዘጋንፉ ጸገማት
## ዝሰራሕናሎም ኣብነታት ተመልከት:

**ኣለና ኣብ ክላስ ትድንደንን ንጸቕጢ ትቃላዕን ኣላ**
ኣለና ኣብ ኖርወይ ሰለስተ ዓመታት ዝተቐመጠት ኮይና
ኣብ ወቕቲ ቀውዒ እያ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ጀሚራ።
ኣብዛ ሓዳስ ክላሳ ኣለና ይድንድኑኒ/ይድህሉኒ ኣለዉ ዝብል
ስምዒት ይስመዓ ኣሎ። ኣብ ክላሳ ገሊኦም ጸሪፎማ፡ ርእሰ-መምህራ ከኣ
ዝኾነ ነገር ኣይገበረን። ካብ ማሕበራዊ ንጥፈታት ውን ትንጸል ኣላ።
ኣብ ክላሳ ዘሎ ኣሉታዊ ሃዋሁው ኣለና ዋላ እኳ ምስ
ቤት-ትምህርታ እንተ ተዛረበትሉ ዋላ ሓንቲ ለውጢ ግን ከምጽእ ኣይከኣለን።
ሕጂ ትምህርቲ ክትገድፎ ደልያ ኣላ።

**ቶማስ ኣብ መምሃሪ ትካሉ ምኽርታት ይልገሰሉ የለን**
ቶማስ ኣብ ማእከላይ ዕብየት ዘለዋ ትካል
መበል 2 ይ ዓመት ከም ተልመዴን ይመሃር ኣሎ። ኣብ መጀመርታ እዋን ምህሮ ተልመዴን
ኣማኻሪኡ ጽቡቕ ጌሩ ይከታተሎ ኔሩ። ሕጂ ግን ኣማኻሪኡ ንንውሕ ዝበለ እዋን ብሕማም
ምኽንያት ኣብኩሩ ኣሎ፡ቶማስ ከኣ ንንውሕ ዝበለ እዋን ምኽርን ማዕዳን ኣይተዋህቦን ዘሎ።
እቶም ዕዮታትን ምዕባለኡን የጠራጥሮ ኣሎ። ሞያዊ ፈተና ዝፍተነሉ እዋን ይቀራረብ ኣሎ
ቶማስ ከኣ ክተርፍ እየ ዝብል ፍርሒ ይስመዖ ኣሎ።

ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወካ ንፒያ ወይ በንተ
ተወከሰን፡ ወይ ድማ ኣብ **elot.no**
ብምእታው ዝያዳ ሓበሬታ ኣንብብ

**PIA IMMERSTEIN LARSEN** (TRONDHEIM)
ተለፎን: 418 62 433
ኢመይል: pia@elot.no

**BENTHE ASP** (STEINKJER)
ተለፎን: 950 31 589
ኢመይል: benthe@elot.no

ELEV- OG
LÆRLINGOMBUDET
I TRØNDELAG